# ኢሳይያስ 7

10-11 እግዚኣብሄር ድማ፡ ካብ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ትእምርቲ ለምን፡ ካብቲ ዓሚቝ ወይስ ካብቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ በሪኽ
ለምን፡ ኢሉ ኸም ብሓድሽ ንኣሃዝ ነገሮ።
12 ኣሃዝ ግና፡ ኣይልምንን፡ ንእግዚኣብሄር ከኣ ኣይፍትኖን እየ፡ በለ።
13 ሽዑ በለ፡ እምበኣርሲ ኣቱም ቤት ዳዊት፡ ስምዑ፡ እቲ ንሰብ ላሕ ምባልኩምዶ ውሒዱ እዩ፡ ንኣምላኸይ ድማ ላሕ
እተብልዎ?
14 ስለዚ እግዚኣብሄር ባዕሉ ትእምርቲ ኺህበኩም እዩ፡ እንሆ፡ ድንግል ክትጠንስ፡ ወዲ ኸኣ ክትወልድ እያ፡ ስሙውን
ኣማኑኤል ክትሰምዮ እያ።

# 1ይ ቆሮንቶስ 1

20 ጥበበኛ ኣበይ ኣሎ፧ ምሁር ጽሑፋትሲ ኣበይ ኣሎ፧ መርማሪ እዛ ዓለም እዚኣኸ ኣበይ ኣሎ፧ ኣምላኽ ንጥበብ እዛ
ዓለም እዚኣዶ ዕሽነት ኣይገበሮን እዩ፧
21 ስለዚ ዓለም ብጥበባ ንኣምላኽ ብጥበብ ኣምላኽ ገይራ ኻብ ዘይፈለጠቶ፡ ኣምላኽ ነቶም ዚኣምኑ ብናይ ስብከት
ዕሽነት ገይሩ ኼድሕኖም ፈቐደ።
22 ኣይሁድ ምልክታት ይልምኑ፡ ጽርኣውያን ድማ ጥበብ ይደልዩ፡
23 ንሕና ግና ነቲ ንኣይሁድን መዓንቀፊ፡ ንህዛብን ዕሽነት ዝኾነ እተሰቕለ ክርስቶስ ንሰብኽ ኣሎና።
24 ንሱ ነቶም ጽዉዓት፡ ንኣይሁድ ኰነ፡ ንጽርኣውያን ኰነ፡ ክርስቶስ፡ እቲ ሓይሊ ኣምላኽን ጥበብ ኣምላኽን እዩ።
25 ካብ ሰብሲ ዕሽነት ኣምላኽ ይጠብብ፡ ካብ ሰብ ከኣ ድኻም ኣምላኽ ይብርትዕ።
26 ኣሕዋተየ፡ ኣብቲ ጽውዓኹም እሞ ተመልከቱ ብዙሓት ብስጋ ለባማት፡ ብዙሓት ስልጡናት፡ ብዙሓት ጭዋታት
ኣይተጸውዑን።
27 ኣምላኽ ግና፡ ነቶም ጠቢባን ምእንቲ ኼሕፍርሲ፡ ንዕሽነት እዛ ዓለም እዚኣ ሐረየ፡ ነቶም ብርቱዓት ምእንቲ ኼሕፍር
ከኣ፡ ኣምላኽ ነቲ ድኻም እዛ ዓለም እዚኣ ሐረየ።
28-29 ስጋ ዘበለ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምእንቲ ኸይምካሕውን፡ ኣምላኽ ነቲ፡ ኣነ ገለ እየ፡ ዚብል ከንቱ ምእንቲ ኺገብር፡ ነቲ
ብዓለም ሕሱርን ንዑቕን ገለ ዘይኰነን ሐረየ።
30-31 ግናኸ እቲ ጽሑፍ፡ ዚምካሕ ብእግዚኣብሄር ይመካሕ፡ ዚብሎ ምእንቲ ኺፍጸም፡ ንስኻትኩም ካብኡ ኣብቲ ኻብ
ኣምላኽ ንጥበብን ጽድቅን ምቕዳስን ምድሓንን ዝኾነልና ክርስቶስ የሱስ ኢኹም።

# ሉቃስ 1

46 ማርያም ድማ በለት ነፍሰይ ንእግዚኣብሄር ተዕብዮ፡
47-49 መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኽ፡ በቲ መድሓንየይ፡ ባህ ይብሎ። ውርደት ባርያኡ ስለ ዝረኣየ፡ እቲ ሓያል ዓብዩ ነገር
ገይሩለይ እዩ እሞ፡ ስሙ ቅዱስ እዩ። እንሆ፡ ካብ ሕጂ ኹሎም ወለዶ ብጽእቲ ኺብሉኒ እዮም።
50 ምሕረቱውን ነቶም ዚፈርህዎ ንውሉድ ወለዶ ይነብር።
51 ሓይሊ ብቕልጽሙ ገበረ፡ ንኹሩዓት ብሓሳብ ልቦም ዘረዎም።
52 ንሓያላት ካብ ዝፋውንቶም ኣውረዶም፡ ንተዋረዱ ኸኣ ልዕል ኣበሎም።
53 ንጥሙያት ብጽቡቕ ነገር ኣጽገቦም፡ ንሃብታማትውን ጥራይ ኢዶም ሰደዶም።
54-55 ከምቲ ነቦታትና፡ ንኣብርሃምን ንዘርኡን ዝነገሮም፡ ክሳዕ ዘለኣለም ምሕረት እናዘከረ፡ ንእስራኤል ባርያኡ ተቐበሎ።